ኤጀንሲ ልምዓት ዳኣንት ምርግጋፅ ምግቢ ዉሕስና ከተማታት ክልል ትግራይ አቁሑት ኤለክትሮኒክስ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሚያዝያ 21, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 5, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 5, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ዝክእል፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ /TIN/ ሰርተፊኬት ከቕርብ ዝክእል፤

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ /VAT/ ዝተመዝገበ ኮይኑ /VAT/ ምዝገባ ሰርቲፊኬት ናይ ወርሒ የካቲት 2010 ዓም VAT ድክላሬሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምካኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስክር ወረቐት ከቕርብ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 50 እናከፈሉ ካብ ኤጀንሲና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 10 ካብ ዕለት 17/08/2011ዓ/ም ክሳብ 5/09/2011 ዓ/ም አብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብአካል ብምቕራብ ምዉሳድ ይክእሉ፡

6 ዝቐርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒ ነንበይኑ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡ ናይ መቅረባይ ሙሉእ ሽም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ስልኪ ቁፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምኻኑን ናይቲ ቤት ዕዩ ሽም ክሕብር አለዎ።

7 ተጫረቲ ዘትሕዝዎ መክብሪ ጨረታ ናይ 3,000.00 / ሓሙሽተ ሽሕ/ ን ብር ብሸም ኤጀንሴ ልምዓት ዳኣንት ምርግጋፅ ምግቢ ዉሕስና ከተማታት ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዝብ ወይ ብCPO ናብ ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዩ ጨረታ ሳንዱቅ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከቕርብ ዝክእሉ::

8 አብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ ብምስልን ድምፅን ቀሪፁ ኣወሃሂዳ/ኣወሃሂዱ ዝሰርሕ/ትሰርሕ በቲ ዝተሐተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝክእል፤

9 እቲ ጨረታ ዕለት 5/09/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቕድሚ ቐትሪ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቐትሪ ሰዓት ኤጀንሴ ልምዓት ዳኣንት ምርግጋፅ ምግቢ ዉሕስና ከተማታት ክልል ትግራይ ፊት ንፊት ፕላኔት ሆቴል ሰናይ ዘበን ህንፃ 2ይ ደብሪ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 10 ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተአጓጎልን።

10 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክኸዉን አለዎ ተዘይኾኑ ቫት ከምዝሐወሰ ርዱእ ተገይሩ ይዉሰድ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ዋጋ ፀኒው ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 40 መዓልቲ ይኸዉን።

12 ኤጀንሲና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

13 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ኤጀንሲና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት ዓቕን ወይ ዋጋ ከምአዳላይነቱ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቕሓ ክሳብ 20% ናይ ምውሳክ ወይ ምቅናስ ይክእል እዩ::

14 ዝክፈተሉ ዕለት ኣብ ናይ መ/ዊ ወይ ሃ/ዊ በዓል እንተዊዕሉ ዝቕፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይከውን።

15 ሰዓራይ ዘቀረቦ ንብረት ትክክለኛነቱ ብበዓል ሞያ ተረጋጊፁ ኣታዊ ይከውን።

መተሓሳሰቢ ንተወሳኪ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0342-406363 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle